# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.168 | ሰንበት 15 መጋቢት 2026 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ዜና

ገጽ 4
ኣከባቢያዊ ፍትሒ እንታይ . .




ገጽ 5
“ጋሪጅ ኣብ ህይወተይ ኮለጅ’ዩ” ካፕቴን ስተል ሳልሕ



ገጽ 6
ምልክታ

ገጽ 8
ሞናሊዛ፡ ናብ ሓዳስ ክለብ ኣቕኒዓ




## ማሕበር ነርስ ኤርትራ፡ መበል 17 ጉባኤኡ ኣቃኒዑ



ስእሊ. የውሃንስ መብራህቱ

ማሕበር ነርስ ኤርትራ፡ “ትንሳኤ ማሕበር ነርስ ኤርትራ ንጥዕና ሕብረተሰብና” ብዝብል ቴማ፡ ብ14 መጋቢት ኣብ ኣስመራ መበል 17 ጉባኤኡ ኣቃኒዑ።

ኣቦ-መንበር ማሕበር ነርስ ጉብረሚካኤል ዓንደሚካኤል ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ነርስ ዓንዲ-ሕቖ ስርዓት ኣገልግሎት ጥዕና ስለዝኾነ፡ ኣብ ምውሓስ ጥዕና ሕብረተሰብ ዘለዓለ እጃም ከምዘለዎ ብምጥቃስ፡ ምሉእ ዝርግሐን ዝተወሃሃደን ኣገልግሎት ጥዕና ንኽህሉ፡ ምስ ማሕበራት ሞያውያን ጥዕና ጥቡቕ ዝምድና ብምፍጣር ከምዝተጥፍ ኣብሪሁ።

ማሕበር ነርስ ኤርትራ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ንዘሰላሰሎ መደባትን ዘጋጠሞ ብድሆታትን ብምቕራብ ድማ፡ ኣብ መጻኢ ኣድማዕነቱ ንምብራኽ ውጥን ከምዘለዎ ኣረጋጊጹ።

ብዘይካ'ዚ፡ ነርስ ኣብ መዓልታዊ ስርሑ ከካይዶ ዝግባእ ንጥፈታት ዝገልጽ ብዑንቀሳቓሲ. ስእሊ. ዝተሰነየ ሙብርሂ ብሞያውያን ክቐርብ ከሎ፡ ድስፕሊንን ተጻዋርነትን ቀንዲ መለለዩ ነርስ ስለዝኾኑ፡ እዚ. ሞያዊ ኩብርታት'ዚ. ንኽሰርጽ ብዕቱብ ምስራሕ ከምዘድሊ. ኣገንዚቡም።

ተጋባእቲ፡ ኣብ ዝቐረበ ጸብጻብን ሞያዊ ኣስተምህሮን ርእይቶታቶም ድሕሪ ምፍሳስ፡ ማሕበሮምን ንጥፈታቱን ብምሕያል ንሕብረተሰቦም ብተወፋይነት ከገልግሉ ቃሎም ኣሑዲሶም።

ኣቦ-መንበር ማሕበር ሓካይም ኤርትራ ዶ/ር ምስማይ ጉብረሂወት ኣብ ዝሃቦ ቃል፡ ማሕበር ነርስ ኤርትራ ንጥፈታቱ ንምድንፋዕ ኣብ ዘካይዶ ቃልሲ፡ ማሕበሮም ዓቕሙ ዘፍቅዶ ምትሕግጋዝ ከምዝገብር ኣረጋጊጹ።

ማሕበር ነርስ ኤርትራ፡ ኣብ 1992 ዝተመስረተ ሞያዊ ማሕበር'ዩ።

## ደ/ቀ/ባሕሪ - ፖሊስ ምስ ህዝብን ተመሃሮን ዘትዩ

ኣዛዚ. ፖሊስ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ ሌተናል ኮሎኔል ጎይቶኦም ጉብረጻድቕ፡ ምስ ነበርቲ ዝተፈላለያ ንኡስ ዞባታትን ተመሃሮን፡ ኣብ ምክልኻል ገበን ዘትዩ።

ኣብ'ቲ ኣብ ሓውሲ. ከተማታት ጢያን ዕዲን ዝተኻየደ ርክባት፡ ባህርያት ገበናትን በደላትን፡ ከምኡ'ውን ዘኸትልዎ ማሕበራውን ቁጠባውን ሃሰያ ድሕሪ ምብራህ፡ ኣብ'ቲ ዞባ ግሉን ዘኾነ ተርእዮ ገበናትን በደላትን ገሊጹ።

ሕጊ ቀያድን ኩሉ ብማዕረ ክተግበር ዝግባእን ከምዝኾነ ዝጠቐሰ ሌተናል ኮሎኔል ጎይቶኦም፡ ሕጊ ዘይምፍላጥ ካብ ተሓታትነት ስለዘየድሕን፡ ገበን ዝጸየን ወለዶ ንምህናጽ፡ ወለዲ ንደቆም ብበሊጽ ኩብርታት ሕብረተሰብ ክኹስኩሱ ተላቢዩ።

እዚ. ከም'ዚ.'ሉ እንከሎ፡ ሓላፊ ትራፊክ ሚጀር መሓሪ ኪዳን፡ ሓላፊ ምክልኻል ገበን ካፒተን ሰለሙን ተኽስተን ኣዘዝቲ መደበራትን፡ ካብ 20 ለካቲት ክሳብ 12 መጋቢት ኣብ ከተማ ዓሰብ ተመሳሳሊ. ኣስተምህሮታት ኣካዪዶም።

ንሳቶም ኣብ ዝሃብዎ መግለጺ፡ መንእሰያት ተመሃሮ ኣብ ሕጊ ዘለዎም ኣፍልጦ ብምዕባይ ካብ ዘይሕጋዊ ተግባራት፡ ገበንን በደልን ክሕየቡ፡ ከምኡ'ውን ካብ ወልፍታት ክርሕቑ ኣዘኻኺሮም።

ወኪል ኣመሓዳሪ ከተማ ዓሰብ ኣቶ ብርሃን ኪዳን፡ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ኣረዕታ ኣቶ ብርሃን መዝገበን ወኪል ኣካያዲ ስራሕ ንኡስ ዞባ ማእከል ደንከል ኣቶ ኣሕመድ ኣደምን ብወገኖም፡ ፖሊስ ብቐጻሊ. ምስ ህዝቢ. ዝገብሮ ርክባት፡ ብቐንዱ ኣብ ሕጊ ዘሎ ኣፍልጦ ክሰፍሕ ሓጋዚ. ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ነበርትን ተመሃሮን ኣብ ምክልኻልን ምቅላዕን ገበንን ገበነኛታትን ኣበርክቶ ክገብሩ ኣዘኻኺሮም።



## ሳዋ - ንኣገባብ መርመራ ማትሪክን ምሕደራ ግዜን ዝምልከት ሓበሬታ ተዋሂቡ

ኣብ ሃገራዊ ኢንስቲትዩት ላዕለዎት ትካላት ትምህርትን ምርምርን ዳይረክተር ማእከል ፈተና ዶ/ር ብስራት ጉብሩ፡ ኣብ ሳዋ ንኣባላት መበል 38 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት - ተመሃሮ ቤት-ትምህርቲ ዋርሳይ ይከኣሎ፡ ንኣገባብ መርመራ ማትሪክን ምሕደራ ግዜ ፈተናን ዝምልከት ሙብርሂ ሂቡ።

ዶ/ር ብስራት፡ ኣብ'ቲ ብ14 መጋቢት ዝሃቦ መግለጺ፡ ተመሃሮ ካብ ኣጸሓሕፉ ምሉእ ስሞም ጀሚሮም ክገብርዎ ዘለዎም ጥንቃቐ ብዝርዝር ድሕሪ ምብራህ፡ ከይተጨነቑን ከይተረበሹን ግዜኦም ብግቡእ ከመሓድሩን ኣስተውዒሎም ክሰርሑን፣ ከምኡ'ውን ኣብ ቦታ መርመራ ኣቓዲሞም ክርከቡ ተላብዩ።

ተመሃሮ ኣብ እዋን ፈተና ክማልእዎ ዘለዎምን ክማልእዎ ዘይፍቀድን ናውቲ ብዝርዝር ድሕሪ ምቕራብ፡ መፈተኒ ካርድ ዘይምምላእ ንምፍታን ስለዘየብቅዕ፡ ተመሃሮን ኣሊዮቶምን ዕቱባት ክኾኑ ኣዘኻኺሩ።

ኣዛዚ. ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ኮሎኔል ደበሳይ ግደ ብወገኑ፡ ተመሃሮ ንዝተዋህቦም ሓበሬታን ሙብርህን ብዝግባእ ክጥቀሙሉ ብምዝኽኻር፡ እቲ ማእከል ካብኡ ዝሕተት ንምምላእ ከም ወትሩ ኣብ ጎኖም ከምዘሎ ኣረጋጊጹ።

ካብ 16 ክሳብ 22 መጋቢት ኣብ ውሽጢ. ሃገርን ስዑድያን ኣብ ዝወሃብ ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና ካልኣይ ደረጃ ዓመተ-ትምህርቲ 2025/2026፡ 48.7 ሚእታዊት ደቂኣንስትዮ ዝርከብኦም 21,803 ተመሃሮ ከምዝሳተፉ፡ ካብ ሃገራዊ ኢንስቲትዩት ላዕለዎት ትካላት ትምህርትን ምርምርን ዝተረኽበ ሓበሬታ ኣፍሊጡ።

ብኻልእ ወገን፡ ቤት-ትምህርቲ ዋርሳይ-ይከኣሎ መሰረታዊ ህንጻውን ትሕተ-ቅርጻውን ጽገና ይግበረላ ኣሎ።

ነቲ ስራሕ ዝመርሕ ዘሎ ሓላፊ ስታፍ ህንጻ ማእከል ስልጠና ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ካፒተን ተስፉጼን ተወልደ፡ በቲ ካብ 10 መጋቢት ጀሚሩ ዝሰላሰል ዘሎ ስራሕ፡ 214 ክፍልታት ይጽገን ከምዘሎ ገሊጹ።

## ዜና

# ዓዲቐይሕ - ቅነ መንእሰያት ተኻዪዱ

"ነጥም ዝሰረቱ ውዳበ፡ መሰረት ከለንትናዊ ብቕዓት መንእሰያትና" ብዝብል ቴማ ዝተወደበ፡ መንእሰያት ክእለቶምን ዝንባለኦምን ዘንጸባርቑሉ ቅነ መንእሰያት ንኡስ ዞባ ዓዲቐይሕ፡ ብ12 መጋቢት ተዛዚሙ።

እቲ ብመልክዕ ውድድር ዝተኻየደ ቅነ፡ ባህልን ስነጥበባዊ ስፖርትን ዘጠቓልል ምህዞን ሰፊሕ ዘጠቓለለ ንጥፈ፡ ሓላፊ ሃማመተኤ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ኢብራሂም ባሮ ገሊጹ።

ኣመሓዳሪ ን/ዞባ ዓዲቐይሕ ኣቶ ሃብታይ ተስፋዝጊ ብወገኑ፡ ንኣገዳስነት ናይ'ቲ መደብ ኣብ ምኽዕባስ ብቕዓት መንእሰያት ብምጥቃስ፡ ኣብ መጻኢ ብዝበለጸ ንኽሰርሓሉ፡ ተራ ናይ ኩሉ ኣካል ሕብረተሰብ ክዓዝዝ ብምዝኽኻር፡ ምምሕዳር ን/ዞባ ኣብ ጎኖም ከምዘሎ ኣረጋጊጹ።

ኣብ መወዳእታ፡ ብተመሃሮ ማእከላይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ዑናበርን 2ይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ዓዲቐይሕን ዝተዳለወ፡ ንታሪኽናን ባህልናን ከምኡ'ውን ንጅግንነት ኤርትራውያን ደቂኣንስትዮ ዝገልጽ ስእላዊ ምርኢት ቀሪቡ።

ኣብ'ቲ ኢጋጣሚ፡ ናብ መንእሰያት ዝቐንዐ መደባት ኣብ ምድጋፍ ልዑል ኣበርክቶ ንዝገበሩ ናይ ምስጋና ወረቐት ተዓዲሉ።

ብዘይካ'ዚ ኣብ ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ፡ ካብ 23 ለካቲት ክሳብ 10 መጋቢት ኣብ 13 ኣብያተ-ትምህርቲ ቅነ ውዳቤታት፡ ከምኡ'ውን መበል 11 ምዕዳል ሽልማት ዊንደማሾ ንብሉጻት ተመሃሮ ተኻዪዱ።

ኣብ መዛዘሚ ናይ'ቲ "ነጥም ዝሰረቱ ውዳበ መሰረት ከለንትናዊ ብቕዓት መእሰያትና" ብዝብል ቴማ ዝተኻየደ ቅነ ውዳቤታት፡ ተመሃሮ ዘቕረብዎ ፈጠራን ስነጥበባዊ ፍርያትን ንተባእታትኩየምን ናይ ምግባር ዓቕሞምን ዘንጸባርቕ ከምዝነበሩ፡ ሓላፊ ሃማመተኤ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ፊሊሞን ማሰፍን ገሊጹ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ'ቲ ብመልክዕ ውድድር ዝተወደበ መደባት ቀያሕቲ ዕንቦ፡ ያታዊ ትልሂት፡ ዘመናውን ያታውን ጸዋታ፡ ግጥሚ፡ ድምፃ ደርፍታት፡ ምህዞን ሰንዓን ከምኡ'ውን ቅብኣን ፍሉይ ክእለትን ቤት-ትምህርቲ 'ሕድሪ ስማእታት' ንብሉል ኩይና ተዓዊታ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና 8ይ ክፍሊ ዓመተ-ትምህርቲ 2024/2025 ልዑል ነጥቢ ዘመዝገቡ 149 ደቂኣንስትዮ ዝርከብኦም 223 ተመሃሮ፡ ሽልማት ዊንደማሾ ተዓዲሎም።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ ኣቶ የማን ኣብራ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ተመሃሮ ብዝረኸብዎ ሽልማት ተተባቢዖም፡ ነቲ ውጽኢት ኣብ ዝቕጽል ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና ካልኣይ ደረጃ ክደግምዎ ተላቢዑ።



# ኣቑርደት - ዕድላት ኣገልግሎት ቅድመ-ትምህርቲ ይሰፍሕ

ኣብ ንኡስ ዞባ ኣቑርደት፡ ኣብ ትካላት ቅድመ-ትምህርቲ ብዘየባር ዘሎ ወፍሪ እቲ ዕድል እናሰፍሐ ከምዝመጸ ተገሊጹ።
ተቖጻጻሪት ትካላት ቅድመ-ትምህርቲ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ መምህር ሓሊማ ሳልሕ ኣብ ዝሓለፉ ሓበሬታ፡ ትካላት ቅድመ-ትምህርቲ ካብ 13 ናብ 34 ብምዕባዮ፡ ዕድል ቅድመ-ትምህርቲ ናይ ዝረኽቡ ህጻናት ቁጽሪ ብልዕሊ ዕጽፊ ብምዕባዩ 2,300 ከምዝበጽሐ ኣብሪሃ።

ኣገልግሎት ቅድመ-ትምህርቲ ንምስፋሕ ብዙሕ ንዘውሰድ ዘሎ ተበግሶ ዝመንቀሳ መምህር ሓሊማ ኣብ መወዳእታ፡ ኣመሓደርቲ ዓቕሚታት ህዝቢ ብምውዳብ ምቹእ መማህሪ ቦታ ንምውዳድ ጸቒጦም ክሰርሑ፡ ኣካላት ሚኒስትሪ ትምህርቲ ድማ መሳለጥያ ምህሮ ናይ ምምላእ ሓላፍነቶም ክተግብሩ ኣዘኻኺራ።
መማህራን ቅድመ-ትምህርቲ ድማ ሕብረተሰብ ንተራ ኣገልግሎት ቅድመ-ትምህርቲ ኣብ መጻኢ ዕድል ቁልዑ ተገንዚቡ ብግቡእ ክጥቀመሉ ብምዝኽኻር፡ ኣገልግሎት ቅድመ ትምህርቲ ንምስፋሕ ብደረጃ ንኡስ ዞባ ዝቐደ ዘሎ ጻዕሪ ብዝለዓለ ክድፍኣሉ ኣዘኻኺራ።

# ተሰነይ - ሕጊ ትራፊክ ከኽበር ጻውዒት ቀሪቡ

ኣብ ንኡስ ዞባ ተሰነይ፡ ተርእዮ ሓደጋታት ትራፊክን ሳዕቤናቱን ንምንካይ፡ ሕብረተሰብ ኣብ መዓልታዊ ምንቅስቓሳቱ ብሕጊ ትራፊክ ተማእዚዙ ክመላለስ፡ ሓላፊ መደበር ፖሊስ'ቲ ንኡስ ዞባ ካፒተን ዓብዱኑር ሽሪፍ ጸዊዑ።
ኣብ 2025 ጠንቂ ሞት 10 ሰባት ዝኾኑን ኣብ 63 ኣካላዊ ጉድኣት ዘውረድን 4,149 ጥሕሰት ሕጊ ትራፊክ ብመካይን፡ ብሽክለታን ካሮሳን ከምእተመዝገበ፡ ኣብ ንብረት ድማ ልዕሊ ሓደ ሚልዮን ናቕፋ ዝግመት ክሳራ ከምዝወረደ ዝሓበረ ካፒተን ዓብደልኑር፡ ዚ ንምቁጽጻር ኣብ ምብራኽ ንቕሓት ዘተኮረ ንጥፈታት፡ ኣብ ህዝቢ፡ ተመሃሮ፡ ወሃንቲ ተሽከርከርትን ጋራጃትን ከምዝተዋደድ ሓቢሩ።
ኣብ ኮድ-1 ዝርአ ልዕሊ ንብር ጸዕነትን ናህሪን ሳዕቤኑ ከቢድ ብምዃኑ፡ መራሕቲ ተሽከርከርቲ ክሕለዉ ድማ ተላቢዑ።
ሓላፊ ምክልኻል ገበን ኣቶ ሮሞዳን ዑመር ብወገኑ፡ መለለዩ ቁጽሪ ሰሌዳ ዘይብለን ካሮሳታትን ናይ ኤለክትሪክ ብሽክሌታታትን ብብዝሒ ከንቀሳቐሳ ስለዝርኣየ፡ ምስ ምምሕዳር ብዝተገበረ ምርድዳእ መለለዩ ከምእተዋህበን ኣረዲኡ።




እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ብ5 መጋቢት ኣብ መስመር ዓሊግድር - ተሰነይ፡ ተሳሓቢ ዘለዋ ትራክተር፡ ሰራሕተኛታት ኣብ እተመላልስሉ ዝነበረት እዋን፡ ተሳሓቢ ተፈልዩ ብምግምጣሉ ኣብ 36 ሰባት ኣካላዊ ጉድኣት ከምዘወረደ ብምጥቃስ፡ መራሕቲ ተሽከርከርቲ ኣብ ጉዕዞኦም ጥንቃቐ ክገብሩ ኣዘኻኺሩ።
ሞቶረስታ ትራፊክ ኣቶ ረዲእ ሞኽሰ ብወገኑ፡ ቀዳምነት ዘይምሃብ፡ ርሕቀት ዘይምሕላው፡ ልዑል ናህሪ፡ ማስመርካ ዘይምሓዝ፡ ብዘይመምርሒ ፍቓድ መኪና ምዝዋር፡ ኣብ ብሽክሌታ ምጉርባት፡ ትሕቲ ዕድመ ካሮሳ ምምራሕ፡ ከምኡ'ውን ልዕሊ ንብር ምጽዓን ብተደጋጋሚ ዝርአ ጥሕሰት ሕጊ ትራፊክ ከምዝኾነ ገሊጹ።


## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቁ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር


ቁ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቁ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**
ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**
ቁ.ስ.113395-07588045
**ምልክታ**
ቁ.ስ 125013 - ቁ.ሳ.ጶ. 1284


# ዓንሰባ - መሰረታዊ ክእለት ተመሃሮ ንምዕቡስኳስ ስልጠና ተዋሂቡ

መሰረታዊ ክእለት ናይ መጀመርታ ተመሃሮ ንምዕቡስኳስን ንምምዕባልን ዝሕግዝ ስልጠና፡ ካብ ኩለን ዞባታት ንዝተዋጽኡ መማህራን ቋንቋ ኣዴ፡ ሓለፍቲ መሰረታዊ ትምህርትን ሱፐርቫይዘራትን ብ11ን 12ን መጋቢት ኣብ ከረን ተዋሂቡ።
ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ክኢላ ስልጠናን ምርምርን ዶ/ር ጴጥሮስ ወልዱ፡ እቲ ዕላማ ተመሃሮ ንዝበጽሕዎ ደረጃ ክፍሊ ዘይካስ ደረጃ ብቕዓቶም ኣለሊኻ ንምሕጋዞም ኣብ ዝተዳለወ መምርሒ፡ ሓብራዊ መረዳእታ ንምሓዝን ንምዝታይን ከምዝኾነ ኣብሪሁ።
እቲ መምርሒ፡ ካብ 3ይ ክሳብ 5ይ ክፍሊ ናይ ዝርከቡ ተመሃሮ ደረጃ ዝልለዩሉን ንናይ ምትንታን ዓቕሞም ክብ ዘብልን ሕቶታት፡ ከምኡ'ውን ዛንታታት የጠቓልል።
"መሰረታዊ ትምህርቲ፡ መሰረት ንዝበለጸ ውጽኢት ትምህርቲ'ዩ" ዝበለ ዶ/ር ጴጥሮስ፡ ኣብ መሰረታዊ ትምህርቲ ድኹም ዝለዎም ተመሃሮ ኣለሊኻ ዝዓበር ሓገዝት ንኽድፋኣሉ፡ ብውህደት ምስራሕ ኣገዳሲ ከምዝኾነ'ውን ኣገንዚቡ።
ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ እቲ ስልጠና ጉድለት ተማሃራይ ዘወግድን ንብቕዓት መሰርሕ ምምሃር ማእዘን ዘትሕዝን ብምዃኑ ኣገዳስነቱ ዕዙዝ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ንዝወጸ መምርሒ ዘሁብዎም ሓሳባት ኣፍሲሶም።
ኣብ መወዳእታ፡ ዋሕዲ መማህራን ከምኡ'ውን ሕጽረት መማሃሪ ክፍልታትን መሳለጥያ ትምህርትን ንዝወጸ መደብ ዕንቅፋት ከይኮውን ብኣግባቡ ቀላሕታ ክግበረሉ ተማሕጺኖም።



# ካብ ታሪኽ ሰውራና



መሓመድ እድሪስ

## “ጋራጅ ኣብ ህይወተይ ኮለጅ’ዩ” ካፕቴን ስተል ሳልሕ

ካልኣይን መወዳእታን ክፋል

*እዚ ዓምዲ’ዚ፡ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ገድሊ ካብ ውልቃዊ ትዕዝብትታት፡ ኣብ ሰውራን ድሕሪ ናጽነትን ካብ ዝተጻሕፈ መጽሓፍትን መጽሔታትን ከምኡ’ውን ካብ ኣርኪይቭስ ጨ/ስእሊ ሚ/ ዜናን ካልእን ዝተረኽበ ስእልታትን ሰነዳትን ምርኩስ ብምግባር ዝዳሎ ምዃኑ ኣቐዲምና ነረድኣኩም።*

እቲ ብሰንኪ ምዝላቕ ካብ እምሃሚመ ናብ ቀብሩ-ወኣት ዝኸደ ጋራጅ ሕጂ’ውን ናብ ኣራግ ገጹ፡ ኣራግ’ውን ዳርጋ ኣብ 1980 ብርቱዕ ደብዳብ ነፈርቲ ዝተኻየደሉ ዝነበረ እዋን’ዩ። ስተልን ብጾታን ምስ ጋራጆም ድሕሪ ኣራግ ናብ ባድ፡ ሓሰታ፡ ዛራ፡ ሆሚም ወዘተ እናበሉ ኣብ እዋን ሻድሻይ ወራርን ስላሕታን ድማ እቲ ዝነበሮዎ ጋራጅ ኣብ ዛራ ቀዋሚ ቦታ ሓዘ። ስተል’ውን ኣብ ጋራጅ ዛራ ድሕሪ ምጽናሕ ካብ መፋርቕ 80ታት ንደሓር ናብቲ ኣብ ሱዳን መራፊትን ሰዋክንን ዝነበረ ጋራጃት ውድብ ን4 ዓመታት ሰሪሓትሉ።

ስተል ብዛዕባ ጋራጅን ኣባላት ጋራጅን ክተዘንቶ ከላ፡ ስራሕ ጋራጅ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ ቀሊል ከም ዘይነበረ’ያ ትገልጽ። ምኽንያቱ ኣባላት ጋራጅ ኣብ እዋን መጥቃዕቲ ብሰንኪ ብልሽት መካይን ፅንቀፋት ከይመጽእ ናብ ቅድመ ግንባር ብምኻድ፡ ዘዘተበላሸዋ መካይን እናኣዐረዩ ብእዋኑ ናብቲ ዝተመደበ ስራሕ ከም ዝኸዳ ይገብሩ። ኣብ ግዜ መጥቃዕቲ ካብ ጸላኢ ዝተሰልበ መካይን’ውን ብነፈርቲ ከይህረማ ብቕልጡፍ ካብ መስመር ወጻኢ ናብ ውሑስ ቦታ የግዕዝዋ። ንዝተቓጸላ ተሽከርከርቲ ጸላኢ’ውን መቀያየሪ ኣቕሑ ንምፍታሕ ኩሉ ዝከኣሎም እናገበሩ ከም ዝሰርሑ ካፕተን ስተል ተዘንቱ።

ንሳ ኣብዚ ናይ መካኒክ ተመክሮኣ፡ “ኣብ እዋን ስላሕታ ወራር ካብ ግንባር ሓልሓል ዝመጽኡ ካብ መራሕቲ በራጊድ ንታሕቲ ሒዛ ዝመጽኣት ንእሽቶ መኪና ዚጋጠመ ብልሽት ትዝክር። እቶም ኣዘዝቲ ኣብ ወተሃደራዊ ቤት-ጽሕፈት ዛራ ኣኼባ ነይሮምም። ኣኼባ ምስ ወድኡ ሽዑ ንሽዑ ናብ ቦታኦም ክምለሱ ነይሮምም። ምኽንያቱ እቲ እዋን



ተጋዳሊት ስተል ሳልሕ ኣብ 1981

ስላሕታ ወራር ዝካየደሉ ዝነበረ ብምንባሩ፡ ምስ ግዜ እናተቐዳደሙ ኑዳዲ መለኦም ክበጽሑ ክብሉ ግን፡ መኪና ተበላሺያ ምትንሳእ ትኣብዮም። ሽዑ መርሃጼን ዝበሃል መራሒ ማሰርዓ ንካፕቴን ስተል ነታ ዝተበላሸወት መኪና ከተዕሪ ይእዝዛ። እታ መኪና ገና ካብ ዛራ ከይወጸኣት’ያ ዝተበላሸወት።

ካፕቴን ስተል በቲ ዝተዋህባ ሓላፍነት መሳርሒታታ ሒዛ ካብ ጋራጅ ዛራ ክሳብ ላዕሊ ወተሃደራዊ ቤት ጽሕፈት ብምኻድ፡ ነታ መኪና ክትተንስኣ ትፍትን። እንተኾነ መኪና ትሕንግደ። መመሊሳ ትፍትና። መኪና ቀልጢፋ ትጠፍእን ትዕበስን። ሽዑ ስተል ነቲ ካርቦራቶረ ምስ ፈቲሓቶ’ዩ እቲ ጸገም ዝተረደኣ። ካርቦራቶረ ርስሓት መሊኡ ደጸንሓ። ንዕኡ ኣጽርያ ምስ ፈተነት መኪና ሕጂ’ውን ትኣበ። እንደገና ሳልባትዮ ብምፍታሕ ነቲ ኑዳዲ ብምልኡ ናብ ካልእ ጀሪካን ቀዲሓ ኩሉ እቲ መስመራት ተጸርዮ። ሽዑ ስተል ንብዩና ስለዝነበረት እቶም ኣዘዝቲ ሰራዊት ብምሉኦም ይሕግዝዋ። ስተል ኣብዚ ስራሕ’ዚ ንብዩና ብምዕማማ ንግንባር ሓደ ነገር ተሰልጥ ከም ዘላ ተረደኣ። ኣዝዩ ሓበንን ኩርዓትን ተሰመዓ። ኣብ መጠረሽታ በቲ ዝነበረቶ ምጽራይ፡ ሓደሽ ኑዳዲ ብምምጻእ ነታ መኪና ሓን-ሓን ኢላ ከም ትትንስእ ገይረታ። እቶም ተሳፈርቲ ድማ እቲ ተዓቢሱ ዝነበረ ድምጺ መኪናኦም ብምስማዖም ከምዚ ዓቢ ዓወት ዝተበሰሩ ብጣቕዒት ኔቲ ሩባ ምስ ነቐነቑዎ፡ ስተል ሽዑ’ውን ዓቢ ፍናን ተሰመዓ።

ካልእ ግዜ’ውን ትዝክር ስተል፡ ኣብቲ ጽንኩር ኩነታት ዝነበረሉ እዋን ምስ ክልተ ብጾታ ማለት ስወእ ደብረጼን ስውእቲ ሳባ ተስፋይ ከም ኤለክትሪሻን ስተል ድማ ከም መካኒክ ኮይና ካብ ዛራ ብስራሕ ናብ ኣሰማዕ ዝተበገሱሉ እዋን’ዩ። ሽዑ ሰራሖም ኣሳሊጦም ናብ ዛራ እናተመልሱ ከለዉ፡ ደድሕሪኦም ዝወረደ ውሕጅ መንገዲ ኣበላሸዩ ጸኒሑዎም። ናይታ ሐሎማ ዝበሩ ንእሽቶ መኪና፡ ምስቲ ሕማቕ መንገዲ እቲ ማርሻ ኣብ ኢድ ደብረጼን ቆማፅ ኢሉ ይሰብር። ብዘወሳኺ እታ መኪና ሮዜታ’ውን ኣበላሽያ ነይራ። በዚ ድማ ሽዑ ግንባር ካብ ጋራጅ ወተሃደራዊት መኪና ብቕልጡፍ ክትለኣኽሎም ሓቲቶም ስለ ዝነበሩ፡ ስተልን ብጾታን ድማ ብቕልጡፍ ናብ ዛራ ክበጽሑ ምስ ግዜ ይቀዳደሙ ነበሩ።

ሽዑ ዝተበላሸወት መኪና ሒዝካ ናብ ቦታ ጋራጅ ብእዋኑ ክትበጽሕ ኣሸጋሪ ነይሩ። እቲ ጸገም ናይ ተኽኒክ ስለዝነበረ ግን፡ እቲ ዕማም ዚያዳ ንስተል ዝምልከት’ዩ ነይሩ። ብኸምዚ ድማ፡ ስተል ብታሕቲ ኣትያ መጀመርታ ነቲ ሮዜታ ብኸንደይ ዋጢጥ ኣዐርያቶ። እቲ ዝተረፈ ዝዓበየ ጸገም ግን ናይቲ ዝተሰበረ ማርሻ ነይሩ። ስተል በቲ ኣብ ጋራጅ ዝቐሰመቶ ተመክሮ ክትጣበብ ስለ ዝነበረ፡ ነተን ማርሻ ዝኸደና ኣርባዕተ ብሎኒ ፈቲሓ፡ ኣብ ማእከል ኮፍ ኢላ ኣውቲስታ ፍረሰዮን ክረግጽ ከሎ፡ ንሳ ከኣ ቡታ ካቻቢተ ገይራ ነቲ ካምብዮ ተንቀሳቕሶ። ቀዳማይ ማርሻ ትገብረሉ፡ ደብረጼን ይዘውር፡ ፍረሰዮን ይረግጾላ እንደገና ቡታ ካቻቢተ ገይራ ካልኣይ ማርሻ ትቕይረሉ። ንሱ ድማ ፍረሰዮን ረጊጹ ኑዳዲ ይህብ። ስተል ድማ ኣብ መንጎ ተቐርቂራ ቡታ ካቻቢተ ማርሻታት እናቐያየረት መኪና ብዓወት ናብ ቦታኣ በጺሓት። እዚ ድማ ንስተልን ብጾታን እፎይታ ፈጢረሎም። እታ ኣብ መንገዲ ክትቅጺ ዝነበራ መኪና ብሜላን ጥበብን ናይታ ምኩርቲ መካኒክ ስተልን ብጾታን ብዓወት ናብ ዛራ በጺሓት።

ካፕቴን ስተል ኣብ ሎሚ ኮይና ሂወት ጋራጃትን ሂወት ኣባላት ጋራጃትን ክትዝክር እንከላ፡ እናሰተንተነት’ያ ትገልጾ። ብፍላይ ኣብ ጋራጅ ዛራ፡ ምስቲ ዝነበረ ዘየቋርጽ ደብዳብ ነፈርቲ፡ ነተን መካይን ካብ ደብዳብ ምእንቲ ክድሕና ተባሂሉ ካብቲ ጋራጅ ዘለዎ ቦታ ኣርሒቕካ ፈናቲትካ ክትዕሽገን ኣለካ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ድማ፡ ነተን መካይን ብሓንሳብ ከይህረማ ብምባል’ዩ። እተን መካይን ገለኣን ኑዳዲ ገለኣን’ውን ኣጸዋር ዝጸዓና ብምዃነን፡ ሓንቲ እንተ ተሃሪማ ነቲ ከባቢ ባርዕ ክትፈጥረሉ ትኽእል’ያ።



ካፕቴን ስተል ሳልሕ (ኣብዚ እዋን’ዚ)

ካብዚ ተበጊሶም’ዮም እምበኣር፡ ኣባላት ጋራጅ ባዕሎም ቦታታት እናመረጹ ካብ ንሕድሕደን ኣረሓሒቖም ኣብ ኣግራብ ዓሺጎም ቴንዳ ከዲኖም ብኣቕጽልቲ ሸፊኖም’ዮም ኣብ ድርብ ዕማም ተጸሚዶም ዝነበሩ። ኣብቲ ዝተዓሸገሉ ቦታ እናኸደካ ድማ ይዕረያ ነይረን። መዓስ’ዚ ጥራይ፥ ነቲ ካብቲ ቀንዲ ጽርግያ ናብ መዓሸጊ ዝጸሕ ኣሰር መኪና’ውን ብነፈርቲ ምእንቲ ከይቃላዕ ተባሂሉ፡ ዋላ ሓደ ኪሎሜተር ዝርሕቕ እንተኾነ ኣባላት ጋራጅ ምሉእ ለይቲ ክመሳስሉ ዝሓድሩሉ ዝነበሩ መሪርን ጽንኩርን እዋን’ዩ ነይሩ። እዚ ብኣባላት ጋራጅ ዝዕመም ዝነበረ ዕማም ሎሚ ክትጸውዮሉ ቀሊል ይመስል ይኸውን። የግዳስ ምስቲ ዝነበረ ሃሩርን ዋሕዲ ሰብን ኣሸጋሪ ነይሩ።

ብፍላይ ስራሕ መካኒክ ንደቂ ኣንስትዮ ምስቲ ዘለወን ባህርያዊ ጸገማት ቀሊል ኣይነበረን። ዝኾነ ኩሉ ተጻዊረን ካብ ስራሕ ከይበኹራ’የን ምስ ደቂ ተባዕትዮ ብዕቱብን እናተቐዳደማ ብትብዓትን ተወፋይነትን ነቲ ዝተዋህበን ሰውራዊ ዕማም ብሓላፍነት ዘሰላስላ ዝነበራ። እታ “ጋራጅ ኣብ ሂወተይ ኮሌጅ’ዩ” ብምባል እትገልጾን ንልዕሊ 49 ዓመታት ኣብ ሞያ መካኒክ ዘገልገለትን ናይ ትማሊ ተጋዳሊት ናይ ሎሚ ካፕቴን ስተል ሳልሕ ተዘንቱ።

ካፕቴን ስተል ሳልሕ ካብቲ ኣብ 1977 ‘ሀ’ ኢላ ከም ትምህርቲ ኮይና፡ ሞያ መካኒክ ዝፈለመትሉ ጋራጅ እምሃሚመ ክሳብ ሎሚ ካብ ስራሕ ጋራጅ ኣይተፈልየትን። ሎሚ’ውን ኣብቲ ዓቢ መንግስታዊ ጋራጅ ዓሻ ጎልጎል ሓላፊት ማእከላይ መኽዘን መሳርሒታትን መዐቀኒታን ኮይና ግቡኣ ትፍጽም ኣላ። ብዘወሳኺ ካፕቴን ስተል ኣደ መንበር ማሕበር ደቂ ኣንስትዮ ተጋደልቲ ብሊቃት፡ ከምኡ’ውን ኣደ መንበር ቦርድ ሃማደኤ ሚኒስትሪታት ኮይና ትሰርሕ ኣላ። ስተል ምስቲ ቅድሚ 49 ዓመታት ኣብ ጋራጅ እምሃሚመ ዝተላለዮቶ ብጻያ ተጋዳላይ ረድኢ ኣብርሃም (ወዲ ሰኖራ) ኣብ 1981 ኣብ ሰዋክን ተመርዕያ። ኣብ 1985 ድማ ቦኽሪ ጓላ ወሊዳ፡ ኣስዒባ ኣብ 1990 ሓንቲ ወሲኻ። ድሕሪ ናጽነት ድማ ወድን ጓልን ብምውሳኽ ኣደ ኣርባዕተ ደቂ እያ። ሎሚ ክልተ ካብ ደቃ ኣመርዕያን ደቂ ደቃ ክትርኢ’ውን በቒዓ’ያ።



ካብ ጋራጃት ሰውራ

## ካብ ቀርሰታት ገድሊ

### ብዛዕባ ድፋዓት ናቕፋ እንታይ ትፈልጡ፧

**ተኣማመን (እንዳ ዱባለ)**

ታባ ተኣማመን በቲ ጸላኢ ክመጽኣሉ ከጥቅዓሉ ዝኽእሉ ሸነኽ ጸኑዕ (ይትረፍ ምስ ግዚፍ ወተሃደራዊ ሳእንሻን ዕጥቅሻን ሰንቅሻ፡ ብጥራይ ኢድካ’ውን ክትሓኽሮ ዘይከኣል) ጸድፊ ኣለዎ። ኣብ መንጎ ጸላእን ተጋደልትን ከኣ ናይ 303-50 ሜትሮ ርሕቀት’ዩ ነይሩዎ። እዚ ድፋዕ እዚ ካብ እንዳ ስጋ ንጸማን ስለ ዝርከብ ንጺጋማይን ማእከላይን ክንፍታት ናይ’ቲ ግንባር ኣገዳሲ መላግቦ’ዩ። ስለዚ፡ ንጸላኢ ቅሳነት የብሉን። ስለ ዝኾነ ድማ ብቐጻሊ ናይ ስሊያ ኣሃዱታት ክከታተላ ይጽዕር ነበረ። እቲ ኣብኡ ዝዐረደ ናይ ወገን ሓይሊ ግን ተቓማዲ ቅሳነት ደህልዎ’ሞ ተኣማማኒ ከዋጋእ ይኽእል። ካብ 1979 ኣትሒዙ ድማ ተኣማመን ስማ ኮነ።

ታባ ተኣማመን እንዳ ዱባለ ተባሂሉ’ውን ይፍለጥ እዩ። እዚ ካልኣይ ስም ዝተዋህበሉ ምኽንያት ሓደ ኣብ ውግእ ሶማል ዝና ኣትሪፉ’ዩ ዝበሃል ናይ ስሊያ ኣሃዱ ናብዚ ቦታ’ዚ መጸ’ሞ፡ ንስሊያ ኣብቲ ጸዳፍ ገጽ ናይ’ቲ ድፋዕ ተጸግዐ። እዚ ዝፈለጣ ኣሃዱታት ህዝባዊ ሰራዊት ጸቢብዎ ከሎ ሕኑቕ ኢሎን ናብቲ ጸድፊ ጠያይቲ ኣዝነባ። ዱባለ ዝተባህለ ኣባል ናይቲ ናይ ስሊያ ኣሃዱ ድማ ተወቒዑ ተረፈ። ብዘውቶም ከምልጡ ዝኸኣሉ ብጾቱ ምልእቲ ለይቲ “ዱባለ! ዱባለ!” ክብሉ ሓደሩ። መሬት ምስ በርሀ ሬሳ ዱባለ ተጉቲቱ ምህላዉ ምስ ኣማዕደዉ ጻውዒቶም ኣቋረጹ።

## መልሲ ናይ ዝሓለፈ ሕቶታት

1. መጋቢት 1964 ውግእ ተጉሩብ። (እዚ ውግእ እዚ ኣብ ታሪኽ ሰውራ ኤርትራ ምዱብ ሰራዊት ኢትዮጵያ ንፈለማ ግዜ ምስ ተጋደልቲ ፊት ንፊት ዝገጠመሉ ውግእ ነይሩ።)

2. መጋቢት 1975 ኣብ ኣቑርደት ዝተፈጸመ ግፍዐን 467 ህዝቢ ዝተቐትለሉን 80 ዜጋታት ዝቖሰሉሉን፡ ኣብ ሚያዝያ 1975 ከምኡ እውን ኣብ መጋቢት 1976 ኣብ ሕርጊጎ ዝተፈጸመ 500 ዜጋታት ዝተቐትሉሉን 130 ዝቖሰሉሉን፡ ኣብ መጋቢት 1975 ኣብ እምበረሚ ዝተፈጸመ 73 ዜጋታት ዝተቐትሉሉ።

3. ሰንበት ጸላም

4. ምሕራር ከተማ ናቕፋ (ናቕፋ ኣብ 22 መጋቢት 1977 ሓራ ምስ ወጸኣት እንደገና ናብ ጸላኢ ዘይተመልሰት ኣደ ሕላገት ጽንዓት ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ’ያ)

5. ምድምሳስ ናይቲ ኣብ ግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ንኣስታት 5 ዓመታት ዓሪዱ ዝነበረ ብውቃው እዝ ዝፍለጥ ሰራዊት መግዛእቲ (19 - 21 መጋቢት 1984)፡

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ -ሓበን ገብረኣምላኽ- ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል

ሚጆር ተኽለማርያም እምባየ ገብረኣምላኽ፡ ኣደይ ለተሃይማኖት ዓንደብርሃን ተወልደ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 1 ሓወይ ወራስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/03/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ/47 ይቕረብ።

ከሰስት ኣብርሃት ተስፋሚካኤል ዘቕረብቶ ናይ ስም ምትሕልላፍ ዋንነት ዘይንቀሳቐስ ንብረት ክሲ፡ ተኸሰስቲ 1. ወረ/ፍ ኪዳን ተስፋሚካኤል - የናስ ኪዳ፡ 2. ኣማኑኤል ተስፋሚካኤል 3. የማነ ተስፋሚካኤል 4. ምዕራፍ ተስፋሚካኤል 5. ሃይለ ተስፋሚካኤል 6. ሰለሙን ተስፋሚካኤል 7. ወረ/ፍ ሮማ ተስፋሚካኤል 7.1 ሰናይት እምባዩ፡ 7.2 ሰለማዊት እምባየ 7.3 ኣዳነሽ እምባዩ፡ 7.4 ኤደን እምባዩ፡ 7.5 ሚዛን እምባየ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን03/04/26 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ብፍ/በ/ዕዳ ኰ/ሄር ኣብርሃት ወልደገብርኤል 1. ሚጆር የሴፍ መቻሾ 2. ጸጥሮስ የሴፍ 3. ኣበባ የሴፍ፡ ንዓኹም ዝምልከት ጉዳይ ፈጻሚ ቀሪቡልኩም ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን17/04/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ከሳሲ በኒያም ወልደየወሃንስ ኣድመቐም፡ ተኸሳሲ ቴድሮስ ሃብተስላሴ፡ ንዓኻ ዝምልከት ጉዳይ መሸጣ መኪና ቶዮታ ካሮና ዝዓይነታ ስርሓት ጃፓን ዝኾነት ናይ ገዛ መኪና፡ ሰሌዳ ቁጽሪ ER -1 -26380 ቁ/ቻሲ 1/J/ LAJ17/00/32640 ዝኾነት ብስምካ ተመዝጊባ ዘላ፡ ክሲ ቀሪቡ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን06/04/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ፍስሃ ተወልደመድህን ምባል ተረፉ፡ ፋትኤል ተወልደመድህን ሃይለማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/04/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሓልሓለ

መሓመድ እድሪስ ዓብደላ ምባል ተረፉ፡ መሓመድ መሓመድእድሪስ ዓብደላ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/04/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

ኣብርሃም ገብረሂወት በርሀ፡ ኣደይ ሉታይ ተሰማ ኪዳ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/04/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

ኣብ ኣስመራ ዞባ 8 ምም/11 ጎደና ደጃ/ ሓሰን ዓሊ በኺት፡ ቁ.ገዛ 397 ቁ/ሎታ 35 ዝርከብ፡ ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ብቁ.ምስክር ወረቐት 113773 መወከሲ ቁጽሪ 119428 ኣብ ቤ/ጽ/ካደስተር ድማ ብመለለዩ ቁ. 1BRASM019529 ብስም ወረስቲ ኰፍ/ወልደጋብር ወልደሚካኤል፤ ወ/ሮ ሉታይ ፍሱሓጼን ምስ 2 ደቀን፡ 1 ገብርኤላ ወልደጋብር 2 ጽግዘወት ወልደጋብር ዝተመዝገበ ገዛ፡ ብዘረጋገጸናዮ ወርሻ መሰረት ናብ ስምና ከመሓላለፍ ስለ ዝደለና፡ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዓሊታ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤ/ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ሃገራዊ ካዳስተር ይቕረብ፡ ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦሪጅናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ከፈጽም ምዃንና እሕብር።

ገብርኤላ ወልደጋብርን ጽግዘወት ወልደጋብርን

---

ኣነ ዓዳጊ፡ ፍስሃየ ዘርኡ ተስፋልደት፡ ኣብ ከተማ ኣስመራ ን/ዞባ ማይተመናይ ጎደና 81 ቁ/ገዛ 36 ቁ/ሎታ 12፡ ቁ/ፓርቸላ ቲ ዝርከብ፡ ስፍሓት መሬት 150 ት/ሜተር ዝኾነ፡ ብቁጽሪ ምስክር ወረቐት 123066 መወከሲ ቁጽሪ 104389 ብስም ሽያጢት ወ/ሮ ኣለም ገብረታትዮስ ወልደሃይማኖት ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ፡ ብዕለት 07/10/2025 ስለ ዝዓደግክዎ'ሞ ናብ ስመይ ክመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዓሊታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡ ተቓውሞ እንተዘይ ቀሪቡ ግን ኦርጅናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ከፈጽም ምዃነይ እሕብር።


ፍስሃየ ዘርኡ ተስፋልደት
ወኪል ተኪኤ የማነ


---


## ሓደስቲ መጽሓፍቲ NEW BOOKS

**ንተማሃሮ 2ይ ደረጃ**
(9ይ 10ይ 11ን 12ን ክፍሊ)

1. **Brush up** your Progress in High school (Natural Science Stream): *English, Maths, Physics, Chemistry, Biology, Agriculture.*
2. **Brush up** your Progress in High school (Social Science Stream): *English, Maths, Geography, History, Business & Economics.*




**ነፍስ ወከፍ መጽሓፍ፡**

- ኩሉ ዓይነት ትምህርቲ ካብ 9ይ ክሳብ 12 ክፍሊ ዘጠቓለለት
- ብዝቐለለ መገዲ ዝቐረበ ጽማቝ ትሕዝቶ ናይ ኩሉ ዓይነት ትምህርቲ
- ልዕሊ 1000 ዝተሰርሑ ኣብነታት
- ልዕሊ 3800 መላመዲ ሕቶታት ምስ መልስታቱ

☎ 07151337/07282165


---




## ምስጋና

ብዕረፍቲ ኣዚና ዥፍቅሮ ኣቦና ተጋ/ቺፍ ዋራንት ኦፊሰር ኣርኣያ ጺጋይ፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ ግዜ ሕማሙ ዝተመላለስኩምን ክሳብ መቓብር ሓርበኛታት ብምኻድ ዘቃበርኩምናን፡ ኣብ ገዛና ብምምልላስን ካብ ውሽጥን ወጻእን ብምድዋልን ዘጸናናዕኩምናን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ብምምስጋን ሓዘንና ንዛዝም።

ደቆም ምስ ምሉኣት ስድራቤት

---



## ምስጋና

ብዕረፍቲ ኣዚና ዥፍቅሮ ክቡር ወላዲና ኣቶ ተስፋልደት ገብረ ሃይሉ፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ምስ ዓረፈ ክሳብ ሓዘኑ ዘቃበርኩምናን ኣብ ገዛ ብምምልላስን ካብ ውሽጥን ወጻእን ብተሌፎንን ዘጸናናዕኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ልባዊ ምስጋና ነቕርብ።

ብዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ትርሓስ ኣረፋይነ መኸታ
ምስ ደቆምን ምሉኣት ስድራቤትን።

---



## ምስጋና

ብዕረፍቲ ናይታ ብልቢ እነፍቅራን እነኽብራን ኣዴና ወ/ሮ በላይነሽ ሰዩም ቦኽሩ፡ ዝተሰመዓና ሓዘና እናገለጽና፡ ክሳብ ማይልበስ ብምኻድ ዘቃበርኩምናን ኣብ ኣስመራ ይኹን ለንደን ዝርከቡ ገዛውትና ዝተመላለስኩም፡ ካብ ውሽጢ ሃገርን ወጻእን ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩምና፡ ቤተሰብን ፈተውትን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋናና ነቕርብ።

ምሉኣት ስድራቤት

---



## ምስጋና

ብዕረፍቲ ኣገዛየ ዘፍቅራ ብዓልቲ ቤተይ ወ/ሮ ጽጌረዳ ኢያሱ ሓደራ፡ ኣብ ግዜ ቀብራ ዘቃበርኩምናን ብኣካልን ብስልክን ዘጸናናዕኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋናና ነቕርብ።

ብዓል ቤታ ኣማኒኤል ኣስረስሀይ
ምስ ምሉእ ስድራቤት

---



## ምስጋና

ብዕረፍቲ ኣዚና ዥፍቅራ ጓልና ወ/ት የርዳኖስ ፍስሃየ ዘርእዝጊ፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን፡ ኣብ ግዜ ሕማማ ዝተሓብበርኩም ማሕበረ ኮም ሸወደንን ቤተ ክርስትያን ቅድስቲ ማርያም ሸወደንን፡ ግዱሳት ኣሕዋት ኤርትራውያን ብገንዘብን ንዋትን ዝሓገዝኩም፡ ካብ ግዜ ሕማማ ኣትሒዝኩም ሬሳ ምልኣኽ ዝተሓባበርኩምን ክሳብ ቤት ገርግሽ መቓብር ዘቃበርኩምናን ዘጸናናዕኩምናን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ንዛዝም።

ወለዳ ኰፍ/ሄር ፍስሃየ ዘርእዝጊ ወላዲታ ኪዳን ገረማርያም
ምስ ኩሎም ደቀይን
ምሉእት ስድራቤትን

# ኣጽዋር - ምርቓን መርገምን ደቂ-ሰብ

እየብል ጸገዘኒስ

3ይ ክፋል

ተመራመርቲ ስነጥንቲ ቴክኖሎጂያዊ ቅድመ-ታሪኽ ሕብረተሰባት ንምርዳእ፣ ዘመነ-እምኒ፡ ዘመነ-ብሮንዝ ከምኡ'ውን ዘመነ-ሓጺን ብምባል ኣብ ሰለስተ መድረኻት ከፋፊሎም ይጽብጽቡዎ። እቲ ካልኣይ መድረኽ ማለት ዘመነ ብሮንዝ ካብ ከባቢ 3300 ቅ.ል.ክ ዝጀመረ ኮይኑ ኣቐዲሞም ዝሰልጠኑ ሕብረተሰባት ምስ ብረታት (metals) ዝተላለዩሉ እዋን'ዩ። እዚ እዋን'ዚ፣ ከም ኑሓስ፡ ታኒካን ኣርሰኒክን ዝበሉ ብረታት ኣምኪኖም ብሮንዝ ዝፈጠሩሉ መድረኽ'ዩ። ስሩዕ ጽሕፈት'ውን ኣብዚ እዋን'ዚ ኣብ ከባቢ ሩባ ጢግራስን ኢፍራጠስን ኣብ ዝጠጥዐ ስልጣነ ማሶፖታምያ እዩ ማዕቢሉ።

ስልጣነ ማሶፖታምያ ምስ ኣብቲ እዋን'ቲ ኣብ ጐምጐም ፈለግ ናል ዝበረ ናይ ግብጺ ስልጣነን ምስ ኣብ ጐምጐም ፈለግ ኢንዱስ ዝበረ ካልእ ስልጣነን ብጥንቲ ዝተኣሳሰሩ ምንባሮም ተረጋጊጹ እዩ። ከም ኣግማልን ኣፍራሰን ዝኣመሰሉ መጻዓዝያ ካብዚ እዋን'ዚ ሰብ ለሚዱዎም እንስሳ ዘቤት ክኾኑ ምጅማሮም ካልእ ንንግድን ምትሕንፋጽን ሰባት ዘኽኣለ ረቛሒ'ዩ። ኩሉ መዳያዊ ምዕባለታት ካብዘን ናብዘን ስልጣነታት እናተወራረሰ ክሰጉም ጀሚሩ። ኣብ ኣጽዋር ዝተኣታተወ ርኡይ ለውጢ ድማ ኣካል ናይዚ ምዕባለ'ዚ እዩ። ካብ ኣዕጻውን ኣዕጽምትን ዝፈሪ ዝበረ ኣጽዋር፣ ኣብ'ዚ መድረኽ'ዚ ብዘፈኸሱ ዝተረረን ድላይካ ቅርጺ ብጽተትሕዞን ተዓጸጺፉ ንጥረ ነገር ክፈሪ ጀሚሩ። ብሮንዝ ዝተፈላለዩ ብረታት ኣምኪኻ ብምሕዋስ ዝምስራሕ ኮይኑ፣ ካብቲ ቀድሚኡ ዝበረ ኑሓስ ዝተረረ ብምዃኑ ቀንዲ መስርሒ ኣጽዋር ኮይኑ ክገልግል ጀመረ። ሴፍ ከም ምህዞ ድማ ኣብዚ መድረኽ'ዚ ተቐልቀለ።

ኣብቲ ፈለማ ሴፍ ከምዚ ሕጂ ሒዙዎ ዘሎ መልክዕን ንውሓትን ኣይነበሮን። ኣብ ከባቢ 3300 ቅ.ል.ክ ዝፈረየ ኣብ ናይ ሎሚ ቱርኪ ዝተረኽበ ክሳብ ሕጂ 'እቲ ዝጠንተወ' ተባሂሉ ዝኣመነሉ ሴፍ ከም ኣብኡት ምስ እንርኢ ካብ 60 ሴንት ሜትር ንላዕሊ ዝሸይድ ቁመት ኣይነበሮን። 'ሴፍ' ኢልካ ንምጽዋዑ'ውን ኣከራኻሪ እዩ። ኣብ 3ይ ሚለንዩም ቅ.ል.ክ ብብሮንዝ ዝስራሕ ዝበረ ዘይማዕበለ ሴፍ፡ ልዕሊ 60 ሰንቲ ሜትር ምስ ዝወሓ ስለዝልወ፣ ድልዳል ብሮንዝ ደራቲዎ ምንወሐ ዘኽኣል ኣይነበረን። ምስ ግዜ ግን ብልሓት ሰብ በሪኹ፣ ሴፍ ዝያዳ ክነውሕ፡ ክድልድልን ናብዚ ሎሚ ዘለዎ ደረጃ ክድይብን በቒዑ። ንውሓቱ መሰረት ብምግባር እቲ ብዘይ ክርክር ሴፍ ምዃኑ ዝኣመነሉ ዝጠንተወ ርኽበት፣ ኣብ ናይ ሎሚ ግሪኽ ዝተረኽበ ኣብ እዋን ሚኖኣዊ ስልጣነ ኣብ 1700 ቅ.ል.ክ ዝፈረየ ልዕሊ 100 ሰንቲ ሜትር ዝቑመቱ እዩ። ኣብ ቅርጽን መልክዕን ሴፋት ዝተራእየ ምርቓቕ'ውን ዘርም እዩ። ኣብ ተመሳሳሊ እዋን፣ ግን ድማ ኣብ በበይኑ ክፋል እዛ ዓለም፡ ሴፍ ብዘይተፈላለዩ ስልጣነታት ክምዕበል ተራእዩ።

ቻይና ሓንቲ ካብተን መበቆል ስልጣነ ተባሂለን ዝጥቀሳ ዝጠንተወ ስልጣነታት ዝዓንበላ እያ። ስርወመንግስቲ ሻንግ ናይ ቻይና ካልኣይ ስርወ መንግስቲ ኮይኑ፣ ካብ 1600 ቅ.ል.ክ ክሳብ 1046 ቅ.ል.ክ እናተወራረሰ ንልዕሊ 550 ዓመታት ቀጺሉ። ሴፍ እምበኣር ከም ኣጉዳሲ ኣጽዋር ናብ ቻይና ኣብ እዋን ስርወመንግስቲ ሻንግ እዩ ተኣታትዩ። እዚ ብብሮንዝ ዝፈሪ ዝበረ መሳርሒ ኣብቲ ሰዒቡ ዝመጸ ስርወመንግስቲ "ዝዎ" እናተራቐቐ ከይዱ። ካብ 722 ቅ.ል.ክ ክሳብ 476 ቅ.ል.ክ ኣብ ዝበረ እዋን ስርወ-መንግስቲ 'ዝዎ' ብበቚሩብ እናተዳኸመ ብምኻዱ ኣብ ትሕቲ ምምሕዳሩ ዝበሩ ንኣሽቱ ሓወሲ መንግስታት ወይ ርእሰ ምምሕዳራት ክብደህኡ ጀመሩ። ዝኸፍአ ድማ እዘን ርእሰ ምምሕዳራት ነንሕድሕደን ዝተዃናኸፉትሉ 'ናይ ኩናት ዓመታት' ተባሂሉ ዝፍለጥ ዘመን ዕግርግር ኣርከበ። ኩናት እንተሎ ዕጥቀኻ ምሕያል ግድን'ዩ። እዚ ድርኺት'ዚ ፈጢሩዎ ድማ፡ ምዕባለ ሴፍ ኣብዚ ዘመን'ዚ ጫፍ ጥርዚ ረገጸ። ቻይናውያን ንሴፍ ብፍሉይ ቅርጺ ክሰርሕዎን መጠን ድልዳሎኡ ክዛይዱዎን ክኢሎም። ኣድማዕነት ናይዚ ንብረት'ዚ ድማ ርኡይ ለውጢ ገበረ። ሓያል መስርሒ ኮይኑ ሕልፈ ኩሉ ኣጽዋር ክብርን ተፈራሕን ኮነ።

ምዕባለ ሴፍ ኣብ ካልእ ክፋል ናይ'ዛ ፕላኔት'ውን ብናህሪ እዩ ዝሰጉም ነይሩ። ስልጣነ ኢንዱስ ሓደ ካብቶም ተጠቀስቲ ኣብነት እዩ። ኣብ ሰሜናዊ ምዕራብ ናይ ደቡብ እሲያ ዝተደኮነ ስልጣነ ኢንዱስ ኣብ ዘመነ ብሮንዝ ዝጠጥዐ ስልጣነ'ዩ። ማይ ንህይወት ወዲ ሰብ ወሳኒ ብምዃኑ እዚ ስልጣነ እዚ'ውን ከም ኩሉ ጥንታዊ ስልጣነታት ኣብ ጐምጐም ፈለግ እዩ ተደኲኑ። ካብ ምብራቕ ቲቤት ተበጊሱ ብፓኪስታንን ህንድን ሰንጢቑ ናብ ባሕሪ ዓረብ ዝፈስስ ፈለግ ኢንዱስ ምንጪ ህላወ ስልጣነ ኢንዱስ እዩ ነይሩ። ኣብቲ ዝበልጸገሉ እዋን ጠቕላላ ክሳብ 5 ሚልዮን ሰባት ዝጥርንፍ ዝበረ ስልጣነ ኢንዱስ፣ ካብ 30,000 ክሳብ 60,000 ሰባት ዝነብሩለን ዓበይቲ ከተማታት ነበራኦ።

ኣብዚ ስልጣነ ኢንዱስ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ዓውድታት ዝተርኣዩ ምዕባለታት ኣደነቕቲ ኮይኖም፣ ብፍላይ ኣብ ስነ ህንጻ ዝተመዝገበ ምዕባለ ፍሉይ እዩ። ማስርዑ ዝሓለወ ብመደብ ዝተሰርሐ ኣባይቲ፡ ተነጢሎ ዝዳልደለ ሕጡብን ምዕቡል ማስመር ማይን ገለ ካብቲ እዚ ስልጣነ'ዚ ዝልለየሉ'ዩ። ኣብ ስርሓት ሓጺን ዝተመዝገበ ምዕባለ ድማ ካልእ መለለዩ ናይዚ ስልጣነ'ዚ እዩ። ከም ኑሓስን ሊድን ዝኣመሰሉ ማዕድናት ኣምኪኻ ብምትሕውዋስ ብሮንዝ ምፍጣር ኣብቲ ስልጣነ'ቲ ዝተመልከ ሞያ እዩ ነይሩ። ዝተፈላለዩ ናውቲ ብብሮንዝ ክሰርሑ ዘይእግዞሞም ዝበሩ ኢደ ጥበበኛታት ስልጣነ ኢንዱስ ኣብ ምዕባለ ሴፍ ዘበርከቱዎ ቀሊል ኣይኮነን። ብኡሓሰን ብሮንዝን ዝፈረዩ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ሴፋት ኢንዱስ ብፍላይ ኣብ ልዕሊቶም



ፍሉያት እዮም ነይሮም። ኣብ መንጎ 1700 ቅ.ል.ክ ከምኡ'ውን 1400 ቅ.ል.ክ ኣብ ዝበረ እዋን ድማ ኣብ ኣገልግሎት ውዒሎም። ምዕባለ ሴፍ ካብን ናብን ስልጣነታት ብዘወራረስ ፍልጠት ተሓጊዙ ክየብ ድሕሪ ምጽናሕ ከኣ፣ ሓጺን ንብሮንዝ ተኪኡ ዝተመርጸሉ ኣገዳሲ ምዕራፍ ታሪኽ ተበጽሐ።



ካብ 13 ክፍለ ዘመን ቅ.ል.ክ ጀሚሩ ሓጺን እናተለምደ ከደ። ምትእትታው ሓጺን ብዙሕ ለውጢ ብምምጻኡ ባብ ምዕባለ ኣርሒዩ ክበሃል ይከኣል። ሓጺን ምስ ብሮንዝ እንክወዳደር ድልዳሎኡ ጥራይ ዘይኮነ ዝምረጽ ምምስርሑ'ውን ዝቐለለ እዩ። ዋላ'ኳ ስርሓት ብረት ምስ ግዜ ተቐይሩ ካብ ብሮንዝ ናብ ሓጺን እናተለወጠ እንተኸደ ኣብ ቅርጽን

ንድፍን ሴፍ ግን ዝተፈጥረ መሰረታዊ ለውጢ ኣይነበረን። እቲ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ዝኸኣ ዝዓቢ ዝበረ ሴፍ ብሓደሽ ዝደልደለ ንጥረ-ነገር ክፈሪ ጀመረ። ሴፍ ዋላ'ኳ ኣቐዲሙ ብዝተፈላለዩ ሕብረተሰባት ፍሉጥ እንተነበረ፣ ኣዝዩ ስሙይ መስርሒ ነይሩ ክበሃል ኣይከኣልን። ምስ ምትእትታው ሓጺን ግን ሴፍ ዘመኑ መጺኡሉ ኣዝዩ ዝወተረ፡ ኣድማዕን ወሳንን መስርሒ ክኸውን በቒዑ።

ቅድሚ ልደት ክርስቶስ ኣብ ዝበረ ኣማኢት ዓመታት ፋርሳውያን ኣብቲ ዝነበሩዎ ዝበሩ ወፍርታት ዓቢ ዝና ዘትረፈ 'ኣኪናካ' ዝተሰምየ ሴፍ ሓደ ካብቶም ኣብ መዝገብ ታሪኽ ዝሰፈሩ ስሙያት ኣጽዋር'ዩ። ብኻልእ ወገን ቻይናውያን ዘማዕበልዎ 'ዣንግዶ' ዝተሰምየ ጉራዴ ማሳል መስርሒ ክጥቀስ ይከኣል። እዚ ኣብ እዋን ስርወ መንግስቲ ሶንግ ዝተኣታተወ ጉራዴ'ዚ፡ ኣዝዩ ነዊሕ ብምዃኑ ኣብ መሬት ብምዃን



ፈረሰኛታት ንምጥቃዕ ዝገልግል ኣድማዒ ዕጥቂ እዩ ነይሩ። ሰራዊት ኢምፓየር ሮማ ዝጥቀምዎ ዝበሩ 'ግላዲየስ' ዝበሃል ሴፍ ድማ ሕልፍ ዝበለ'ዩ ነይሩ። እዚ ሴፍ'ዚ ካብ 60 ክሳብ 70 ሜትሮ ዝዕቀን ሕጽር ዝበለ ስሕለት ኮይኑ ብዘውርጾ ጉድኣት እዩ ዝልለ። ሴፍ ግላዲየስ ኣድማዕነቱ ዝተኣምነሉ ዕጥቂ ካብ ምዃኑ ዝተላዕለ ኣብ መዝገብ ታሪኽ ስሙ ብዝበዝሐ ክደጋገም ደርኩ። ክሳብ ንጽላእቲ ሮማውያን ስነኣእምሮኣዊ ነውጺ ዝፈጥረሉም ዕጥቂ'ዩ ነይሩ - ሴፍ ግላዲየስ። ዛንታ ናይዚ ሴፍ'ዚ ብዙሕ ኮይኑ፣ ሮማውያን ምስ መቀዶንያውያን ዘካየዱዎ 2ይ ውግእ መቀዶንያ ንሓደኛነት ናይዚ ንዋት'ዚ ዘኮልሕ ኣብነት ኮይኑ ዝጥቀስ እዩ።

እዋኑ 200 ቅ.ል.ክ እዩ። ሮማውያን በቲ ሓደ ኢዶም ነዚ ግላደየስ ዝበሃል ሴፍ'ዚ ሒዞም፡ በቲ ካልኣይ ኢዶም ድማ ዋልታ ዓትዒቶም ብማስርዕ ቆሙ። ስልቲ ኣሰላልፋኦም ሓብርካ ምጥቃዕ ወይ ሓብርካ ምክልኻል ብምዃኑ ተወዛዊዶም ናይ ጉጅለ ስራሕ ንምክያድ ተዓለሙ። ናይ ዘሮ ሰዓት ኣኺሉ ግጥም ተጀመረ። መቀዶንያውያን ወተሃደራት ብናህሪ ጠፊኖም ናብኦም ኣብ ቅድሚኦም ዝበሩ ሮማውያን ጸላእቶም ኣተዉ። ፈለማ ሮማውያን ዋልታታቶም ብሓባር ጉዚሮም ተኸላኸሉ። ቅልጣፈ ብዝመልኦ ኣጥቁብ ድማ ነዚ ሓጺር ሴፍ'ዚ ማሰስ ኣቢሎም ብምውጻእ እናወግኡ ክውድቑሎም ጀመሩ። ብዙሕ'ውን ሃሰዩዎም። መውዓእታ ዘይብሉ ውግእ የለን'ሞ ድሕሪ ብዙሕ ጥፍኣት ውግእ ተዛዘመ። መቀዶንያውያን ድማ ሬሳታት ብጾቶም ንምልዓል ተንቀሳቐሱ። ኣሕዋቶም ከልዕሉ ኣብ ዝጀመሩሉ ግዜ ነቲ በዚ ሴፍ'ዚ ዝወረደ ዓቢ ሃሰያ ርእዮም ብዙሕ ተበሳጨዉ። ዝርኣዩዎ ኩሉ ኣሰካሕኪሑዎም። "ሴፍ ግላዲያስ ወዳኢና" ድማ በሉ። ግላዲያስ ንሮማውያን ኣብ ዓውደ ውግእ ብኣድማዕነት ኣገልጊሉዎም ጥራይ ዘይኮነስ ስነኣእምሮኣዊ መኽሰብ'ውን ወሲኹሎም'ዩ። ዝኾነ ናይዚ ንብረት'ዚ ኣሰኻሕኪሑ ኩሉ ሴፍ ግላዲያስ ንሮማውያን ኣብዚ ምዕራፍ ዓወቶም ኣዚዩ ተፈራሒ ኮይኑ ከምዝኸደ ይረአ።

ናይዚ ንብረት'ዚ ኣሰፋሕፊሑ ከኣ ሴፍ ግላዲያስ ንሮማውያን ኣዝዩም ተፈራሕቲ ከምዝገበሮ ገሮም።

ድሕሪ ልደት ክርስቶስ ኣብ ዝበረ ኣማኢት ዓመታት፡ መጠናዊ ምዕባለ ዘይተፈልዮ ሴፍ፣ ኣብ ማእከላይ ዘመን ቴክኖሎጂ መፍረ ኣጽዋር ርኡይ ዕብየት ኣመዝጊቡ ኣዝዩ ክራቐቕ ክኢሉ። ኣብ ከባቢ 10ይ ክፍለ ዘመን ድ.ል.ክ ምምስራሕ ሓጺን በጺሑዎ ናብ ዘይፈልጥ ደረጃ ምዕባለ ሓኺሩ። ምስዚ ተተሓሒዙ ድልዳል ዝፈሪ ኣጽዋር ክውሰኽ ግድነት ነበረ። ኣብቲ እዋን'ቲ ጀርመናውያን 'ኢልፍበርት' ዝሰመዩዎ ፍሉይ ሴፍ ከፍርዩ ክኢሎም። እዚ ሴፍ'ዚ ክሳብ ከም ትእምርተ-ሓይሊ ተወሲዱ ኣብ ዕዳጋ ዋጋኡ ሰማይ ዝዐርገን ዘይተረኽበን ክኸውን ተራእዩ። ንዝና ናይዚ ሴፍ'ዚ መዘምዝም ሕላገት ናይቲ ሓቀኛ ሴፍ እናጸሓፉ ትምዩን ሴፋት ብርኽቲ ዋጋ ዝሸጡ'ውን ኣይተሰኣኑን። ብኸበር መጠን ገዚዙብ ብሉጽ ንብረት ክዕድጉ ዓቕሚ ዝበርም ገለ ተዋጋእቲ ግን ነቲ ሓቀኛ ኢልፍበርት ክጥቀምዎ ተራእዮም። ኣብ ዓውደ ግጥም ድማ ብሉጽነቱ የመስክር ነበረ። ሴፍ 'ኢልፍበርት' ብሉጽ ብምንባሩ፣ ንጉስ ቻርለስ-II ብሰደድ ናብ ወጻኢ ተላኢኹ ከይሽየጥ ከምዝኣገደ ይዝንቶ። እቲ እዋን'ቲ ስካንዲነቭያውያን ናብ መላእ ኤውሮጳ ኣሰፋሕፊሖም ዝወረሩን ስፈራታት ዝገዝኡሉን እዋን ዕግርግር ብምንባሩ ሴፍ ኢልፍበርት ኣብ ኢዶም እንተኣትዩ ኣፍሪሂዩ ዝነበሮ ጀርመናውያን ስግኣት'ዩ ነይሩ። ንጉስ ቻርለስ-II ነዚ ሴፍ'ዚ ካብ ግዝኣቱ ወጻኢ ከይሽየጥ ምእዛዙ፣ ኢልፍበርት ማዕረ ክንደይ ብሉጽን ተፈራሕን ምንባሩ ዝምስክር'ዩ።

ብኻልእ ወገን ኣብ ማእከላይ ዘመን ኣብ ጃፓን ዝበሩ 'ሳሙራይ' ተባሂሎም ዝጽውዑ ተዋጋእቲ ዝጥቀምዎ 'ካታና' ዝበሃል ሴፍ ማዕበሉ። እዚ ብዓል ሓደ ጥርዚ መስርሒ ቁመቱ ካብ 60 ክሳብ 80 ሰንቲ ሜትር ዝጸሕ ኮይኑ ለዋይ ቅርጺ ኣለዎ። ቅልጡፍ ምንቅስቓስ ኣብ ዝጠልብ ናይ ኣድ ብኣድ ግጥም ድማ ኣድማዕነቱ ልዑል'ዩ። ብዘይካ'ዚ፣ ለዋይ ሴፍ ኣብ ካልእ ክፋል ዓለም'ውን ልሙድ ኮይኑ ብፍላይ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ፡ ኣፍሪቃን ደቡብን ደቡብ ምብራቕ እስያን ዝወተር'ዩ ነይሩ።

ሴፍ ክሳብ መፈለምታ 19 ክፍለ ዘመን ቀንዲ ዕጥቂ ተዋጋእቲ ኮይኑ ክቕጽል ድሕሪ ምጽናሕ ኣብ ካልእ ዓይነት ኣጽዋር ዝተራእየ ቅልጡፍ ምዕባለ ዕዙዙቱ እናጉደሎ ከደ። ካብኡ'ዉ ቀወምቲ ዕጥቅታት ተዋጋእቲ ዝበረ ሴፍ ምስ ግዜ ንኣብዑምክልኻል ጥራይ ዝጠቅም ብኻልኣይ ደረጃ ዝሰርዕ ዕጥቂ ኮነ። ምዕባለ ጠበንጃ እናዓበየ ብዝኸደ መጠን ድማ ኣገዳስነት ሴፍ እናጎደለ ከይዱ ኣብ መውዓእታ ኣብ ዓውደ ውግእ ተጠቃምነቱ ኣብቂዑ። ዝናኡ ግን ምስ ግዜ ፈጺሙ ኣይሃሰሰን። ክሳብ'ዛ ዕለት'ዚኣ ሴፍ ምልክት ሓይሊ ኮይኑ ይቕጽል ኣሎ። ሴፍ ትእምርቲ ስልጣን'ዩ። ኣርማ ኒጋውቲ መንግስታትን ሃገራትን'ውን እዩ። ሎሚ እውን እንተኾነ ሴፍ ወይ ሻምላ ዘይብሉ ወተሃደራዊ ሰልፍን ሃገራዊ ጽንብልን ኣይምዕሮግን። ዋላ'ኳ ቴክኖሎጂያዊ ምዕባለ ደፊኡዎ ካብ ወተሃደራዊ ግጥማት እንተተገለለ፡ ጌና ክብሩ ዘይቀሃሰ መስርሒ ኮይኑ ይቕጽል ኣሎ።

**ይቕጽል . . .**

